# ሰንበት ዘአንቅዕት 2018 ዓ.ም.

## ሓምለ 26 2018 ዓ.ም. (8/2/2026)

*መዝሙር፡* *በሰንበት ቦአ ኢየሱስ ምኵራቦሙ ለአይሁድ•* . . . . . *ኢየሱስ ብሰንበት ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣተወ ሰንበተይ ኣኽብሩ እናበለ መሃሮም፥ ብሰንበት ኣጋንንቲ ኣውጽኤ ብቓሉ ንለምጻማት ኣንጽሐ ብሰንበት ኣብ ምድሪ ጡፍ ኢሉ ጭቃ ገበረ ብጥፍጣፉ ንዕዉር ኣሕወየ፥ ዘራእን ዓጻድን ብሓንሳብ ምእንቲ ክሕጎሱ ኣብ ኵላ ምድሪ ኣብ ኵላ ወገን ኣብ ዘድሊ ቦታ ዘበለን ንደመናታት ዝናብ ከውርዱ ኣዘዞም፥ ምድሪ ኸአ ርእያ ኣመስገነቶ ባሕሪ ድማ ሰገደትሉ።*

ንባባት፡ 1ቆሮ 10፡1-14፥ *ያዕ* 3፡1-9፥ *ግ.ሓ.* 27፡27-34፥ *ማር* 6፡30-44።

*ምስባክ፡ያዐርግ ደመናተ እምአጽናፈ ምድር ወገብረ መብረቀ ለጊዜ ዝናም፥ ዘያወጽኦም ለነፋሳት እመዛግብቲሆሙ።* *ንግመ ኻብ ወሰን ምድሪ ኸም ዚለዓል ይገብሮ፥ ብጊዜ ዝናም መብረቕ ይገብር፥ ንንፋስ ካብ መዝገቡ የውጽኦ መዝ* 135፡7።

*ናይ ሎሚ ሰንበት ክርስቶስ ሓዲስ ኤልሳዕ ነብይ ኮይኑ ዝምግበናን ምስኡ ሓደ መንፈስ ኮና ከም እንነብር ዝገብረና ምዃኑ ይነግረና። ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ምስቲ ኣብ ኤልሳዕ ነብይ እነንብቦ ዝመሳሰል ነገራት ንርኢ (2ዘነ* 4፡42-44)። *ኣብ ክልቲኡ ብዛዕባ ናይ መግቢ ምብርካትን ንህዝቢ ከም ዝመገቡን ይናገር። ክልቲኡ ፍጻሜታት ወይ ተኣምራታት ካብ ርሕራሔን ሕያውነትን ዝተላዕለ ምዃኑ ንርኢ።*

*ኣብ ፪ይ ዘነገስት ከም እነንብቦ ኤልሳዕ ነብይ ህያብ ተቐቢሉ እቲ ህዝቢ ከም ዝጠሚ ዘሎ ኸአ ኣስተውዒሉ፥ ስለዚ ካብ ርሕራሔን ሕያውነትን ተላዒሉ ካብቲ ዝተቐበሎ ክምግብዎም ነጊሩ። ኣምላኽ ርሕራሔኡን ሕያውነቱን ርእዩ ብእኡ ኣቢሉ ከምዚ እናበለ ተዛሪቡ፡ ኪበልዑ እዮም ኬትርፉ ድማ እዮም። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ሓዲስ ኤልሳዕና ዝኾነ ካብ ርሕራሔ ተላዒሉ ልክዕ ዝኾነ ተኣምራት ገሩ ማለት ልዕሊ ሓምሽተ ሽሕ ህዝቢ ብኽልተ ዓሣን እንጌራን ኣበርኪቱ መጊብዎም። እዚ ዘመልክቶ ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ንድሕነትና ኢሉ ብሰናይ ዜናን ብቅዱስ ቍርባንን ገሩ ከም ዝምግበና እዩ። ንሱ ንመንፈሳውን ሥጋውን ድለታትና ይግደሰልና።*

*ካብዚ ተኣምራት ወንጌል ሰለስተ ቀንዲ ነገራት እንምሃሮ ኣሎ።*

*፩ይ ናይ ኢየሱስ ርሕራሔን ሓልዮትን ኣብ ህዝብን ኣብ ማሕበረሰብን።*

*ርሕራሔ ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓበይቲ ነገራት ከም ዝገብር ይግበሮ። ርሕራሔ ክብሃል እንከሎ ዝስምዓካ ምስ ካልእ ሰባት እትካፈሎ ኣብ ጊዜ ስቓይን ቃንዛን ወይ ሓጎስን እዩ። እዚ መሰረት ናይ ምድንጋጽን ናይ ካልኦት ጸገማት ጽቡቕ ገርካ ምርዳእን እዩ፥ እዚ እንተ ዘየሎ ካልኦት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኵነታት ክትርዳእ ኣይክኣልን እዩ፥ ኣብ ነነድሕድና ምርሕራሕ እንተ ዘየሎ ስድራታትና ሕብረተሰብና ይዓኑ። ንካልኦት ኣብ ዝተፈላለየ ጸገም ዝርከቡ ከም ኣብ ሕሱም ወልፊ፥ ጥመት፥ ሕማም፥ ቤት ኣልቦነት፥ ስራሕ ዘይብሎም፥ ሰብ ዘይብሎም. . . ዝርከቡ ክንርድኦም ኣይንኽእልን።*

*ርሕሩሕ ሰብ ኣብ ሕይወቱ ንጽቡቕ እምበር ኣብ ክፉእ ነገር ኣየድህብን ከምኡ ኣብ ናይ ካልኦት ጸገማት ብግሩህ መንፈስ ይዋሳእ ሽዑ ነቲ ወሪዱ ዘሎ ጸገም ኣብ ምቕያር ዓቢ ተራ ይጻወት። ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ብፍሉይ ካብ መምህርና ክርስቶስ እንምሃሮ ኣብ ነነድሕድና ምድንጋጽ ርሕራሔ ክነርኢ ከም ዝግብኣና ንርኢ። ጭካኔ እንታይ ገደሰኒ ዝመልኦ ልቢ ሕጉስ ሕይወት የብሉን ኵሉ ጊዜ ኣብ ስክፍታን*

ዘይቅሳነትን እዩ ዝነብር። ሰብ ክድንግጽ ከፍቅር ኣብ ኣምላኽ ክምለስ ይግብኦ፥ ነቲ ኣምላኽ ዝገበረሉ ርእዩ ዝኸኣለ ንኻልኦት ክሕግዝ ኣየጸግሞን እዩ።

### ፩ይ ትምህርቲ፦ ኣምላኽ ንሓደ ንእሽቶይ ነገር ኣብ ዝዓበየ ነገር ይልውጥ እዩ።

ኢየሱስ በዚ እንጌራን ክልተ ዓሣን ንሓምሽተ ሽሕ ህዝቢ መጊቡ ኣምላኽነቱ ገሊጹ። ቅዱስ ዮሓንስ ነዚ ተኣምራት ክነግር እንከሎ ናይ ክርስቶስ እንታይነት ከረድእና ኢሉ እዩ። ንሱ በቲ ውሑድ ነገራት ዝዓበየ ተኣምራት ገሩ። ብንእሽቶይ ነገር ንምሉእ ሆነታት ክንቅይር ንኽእል ኢና።

ከም ሓዋርያትን ኣርድእቲ ኤልሳዕ ነብይ ኣብ ክንዲ ምክርኻርን ምጥርጣርን ክንገብሮ ዘሎና ነቲ ብነብያቱ ገሩ ዝብለና ትእዛዛት ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ምውዓል። ናይ እዚ ኹሉ መሰረት ከኣ ንኣምላኽና ዘይክኣሎ ነገር ከምዘየለ ኣሚና ብምሉእ ልብና ክንሰምዖ። ብእንገብሮም ንኣሽቱ ሰናይ ነገራት ኩነታት ዓለምናን ሕይወት ብዙሓት ሰባት ክንቅይር ይክኣል እዩ።

### ፪ይ ናይ እቲ ቆልዓ ሕያውነት ዝዓበየን ዝበለጸን ትምህርቲ እዩ።

ንሱ ጅግና ኣብዚ ተኣምራት እዩ ምኽንያቱ ነቲ ዘለዎ ብገርህነትን ካብ ሕያውነት ተላዒሉ ኣወፍዩ በዚ ኸኣ ምኽንያት ተኣምራት ነቲ ህዝቢ ኮይኑ። ኣብ ርእስና ክንምለስ ናይ ህዝቢ ጸገማት ክንርኢ ከሎና ከመይ ዝበለ መልሲ ንህብ ብፍላይ ዝውሃብ ነገራት ብቐሊል ኣብዘይ ርከበሉ እዋን? እዚ ቆልዓ በተን ዝነበራኦ ውሑዳት ዓቢ/ፍልልይ ለውጢ ከም ዝርአ ገሩ። ምኽንያት ሆነታት ህዝቡ ካብ ጥሙያት ዝነበሩ ኣብ ጽጉባት ለዊጥዎ። ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ንሎሚ ዝተነበት መልእኽቱ ዝብለና እዚ ቆልዓ ናይ ህዝቡ ጸገማት ከምዝፍታሕ ገሩ። ከም ኣካላት ሰውነት ክርስቶስ ኣብ መንጎና ዝርከብ ዝርኣን ዘይርኣን ጸገማት ክንፈትሕ ብኹሉ ክንሓብር ይግብኣና፥ ኣብ ሓንቲ እምነት፥ ሓንቲ ጥምቀት ሓደ መንፈስ ክንለብስ ይግብኣና። “ብሓቂ ትሑታት፥ ከምኡውን ለዋሃት ኮኑ፥ ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጻወርኩም ከኣ ዕጉሳት ኩኑ” እናበለ ከም ኣመንቲ ክህልወና ዝግባእ ርክብ ይነግር።

ካብታ ንእሽቶይ ዘላትና ጽብቕቲ ነገር ምስ ካልኦት ክንካፈል ከም ዝግባእ ካብዚ ቆልዓ ንምሃር። ንሱ ምስተሓተ ኣይ ኣበየን ሂቡ ንዝበለጸ ጸጋ ኣፍደገ ከፊቱ። ሰብ ንናይ ካልኦት ጽቡቕ ነገር ክገብር ምስ ወፈረ ሽዑ እዩ ራህዋን ዕግበትን ለውጥን ዝመጽእ። ንኣይ ዝብል ድኹም መንፈስ ካባና ክነውጽእ ንካልኦት ቀዳምነት ኣብ ምሃብ ክንወፍር ኣሎና። እሞ ሎሚ ስድራታትና፥ ህዝብና፥ ዓድና ካብ ዘለዎ ጸበባን ሽግርን ክርህዎ እንታይ ኣሎ ኣነ ክህቦ ዝኽእል ኢልና ንርእስና ክንሓትት ኣሎና። ካልኦት ክገብርዎ ጥራሕ ምጽባይ ለውጢ ኣየምጽእን እዩ ነፍሲ ወከፍና ኣብ ኮናታትና መንፈሳውን ሥጋውን ለውጢ ክመጽእ ናታትና ተሳትፎ የድሊ።

ለውጢ ተሓድሶ ከምጽእ እንተ ኾይኑ ነፍስወከፍ ክነበርክቶ ዝግብኣና ነገራት ኣሎ። ንርእስና ኣናኢስና ዓቕሚ የብለይን ካልኦት ከግብርዎ ይግባእ ምባል ንነገራት ከምዘይፍትሑ ይገብሮም። እሞ ሎሚ ወሪዱና ዘሎ መንፈሳውን ሥጋውን ጸገማት ክፍትሑ እጃምና ክነበርክት ይግብኣና።

### ኣብ መጨረሻ ነታ ዘላትና ንእሽቶይ ነገር ከነወፊ ኣሎና።

ምኽንያቱ እዛ ንሕና እነወፍያ ንእሽቶይ ነገር ምንጪ ትኣምራት ኣብ ሕብረተሰብ ክትከውን ትኽእል እያ። ንእሽቶይ ነገር ንገለ ውልቀ ሰባት ምንጪ ተሓድሶ ኣብ ሕይወቶም ክትከውን ትኽእል እያ። ርሕራሔን ሕያውነት ክበዝሕ እንከሎ ፍሪኡ ኣብ ሕብረተሰብ ተኣምራት ይርአ እዚ ኸኣ ኣብ እምነትን ኣብ ሓንቲ ጥምቀትን ኣብ ሓደ መንፈስ ተጠሚሮም ከም ዝነብሩ ይገብሮም። ብዘይ ርሕራሔን ልግስነትን ኣብ መንጎና ተኣምራት ክፍጸም ኣይክእልን እዩ። ርሕሩሕ ምኳን ከም ክርስቶስ ምኳን እዩ፥ ለጋስ ምኳን ከኣ ኣብ ተኣምራት ምግባርን ኣብ ኣገልግሎት ምትሕብባር ማለት እዩ።

ሎሚ ክርስቶስ ኣብ መንጎና ተኣምራት ክገብር ንህዝቡ ክምግብ፥ እንጌራን ክልተ ዓሣን ዘወፍዩ ክርኢ ይደሊ ኣሎ። ኣብ መንጎ ስድራታት ዘሎ ጸገማት ክፈትሕ ከምኡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ዓለም ለኻዊ ስቓያት ክልውጠልና ናታትና ኣበርክቶን ተሳትፎን ይሓተና ኣሎ። ምናልባት እቲ ዝድለ ዘሎ ሰብ ንስኻ/ ንስኺ ይኸውን ኣምላኽ ዝልኣኾ ዝተሓባበሮ ይደሊ ኣሎ። ኣብ መንጎና ተኣምራት ክገብር ናተይ ተሳትፎ ይደሊ ኣሎ። ነቲ ዘሎና እንተ ዘይሓባእና ንሕና ውን ድሕሪ እዚ ናይ ወንጌል ቀልዓ ኣብ ስድራታትናን ሕብረተሰብናን ጀጋኑ ኣብ ተኣምራት ክግበር ምኳና እዩ።

## ኣብ ኩሉ እንገብሮ ኢየሱስ ምሳና ኣሎ፡

ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ኢየሱስ ባዕሉ ነቲ ህዝቢ ይዕድል ኣብ ካልኦት ወንጌላውያን ግን ንሓዋርያቱ ክዕድሉ ይህቦም እዚ በብናቱ ፍሉይ መልእኽቲ ኣልኦ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ኢየሱስ ንገዛእ ርእሱ ከምዝህበና ከመልክት ኢሉ እዩ። ኢየሱስ ብምልኡ ንርእሱ ምስሃበና ሓንቲ ዝጎድለና የለን። ኣብ ሕይወትና ምሳና ኢየሱስ እንተሎ ዝጎድለና ነገር የለን። ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ብምሉእ ንቕበሎ። "ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ ዝሰቲ ኣነ ኣብኡ እነብር ንሱ ኣባይ ይነብር" ይብለና። እዚ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ክህልወና ዘለዎ እምነት ይገልጸልና። ምሉእ እምነት እንተ ዘይገብርና ጽውጽዋይ እዩ ዝመስል ብእምነት ክንመርሕ ከሎና ርድኢትና ሽው ምስጢሩን ትርጉሙን ክንርዳእ ንኽእል።

ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ኢየሱስ ብመለኮቱ ብትስብእቱ ብምልኡ ኣሎ። እዚ ማንም መልክዕ ኅብስትን ወይንን ለቢሱ ዘሎ ሥጋን ደምን ወዲ ኣምላኽ እዩ እዚ እዩ እምነትና። ካብዚ መኣዲ ዝሳተፍ ኣብ ሕይወት ኣሎ። ናይ ሎሚ ወንጌል እምብኣር ኣብ መኣዲ ክርስቶስ ክንሳተፍ ከም ዝግብኣና ብግሉጽ ዝዛረብ እዩ። እቶም ህዝቢ ካብቲ ዝተቐረቦም ምግቢ ምስ በልዑ ጸገቡ ይብል እዚ ግን ዝያዳ መንፈሳዊ ጽጋብ እዩ ዘስምዕ ኣብ ወንጌል ዮሓንስ። ነቲ ክርስቶስ ዝሃቦም ምስ በልዑ ኣብ ኢየሱስ ልዕሊ እቲ ዝበልዕዎ ንሱ መን ምኳኑ ክርእዩ ክኢሎም።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅዳሴ ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ክንሳተፍ እንከሎና ዓይኒ ሕልናና ይኽፈት ልብና ንኹሉ የስተውዕል። ሎሚ እምብኣር ሥጋን ደምን ክርስቶስ ክንቅበል እንከሎና ብምሉእ ልብና ንቀበሎ ኣባና ኸአ ተሓድሶን ዕግበትና ክርከብ እዩ።

ኣብ መንበረታቦት እንዕርጎ ዘሎና መስዋዕቲ ነቲ ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ዝተነበና የዘኻኽረና። እቶም ዝጠመዩን ዘደንግጹን ህዝቢ ብኢየሱስ ክርስቶስ ተመጊቦምን ዓጊቦምን። ምድራዊ ጥመቶም ተፈቲሕሎም፥ ንሕና እውን መንፈሳዊ ሥጋውን ጥመትና ክርህወና ኣብቲ ምንጪ ኹሉ ዝኾነ ክርስቶስ ኣምላኽና ንመለስ። ክንጸግብ ክንምገብ ኣብ ኢየሱስ ንምጻእ። ሕይወትና ክሕደስ ርክብና ክቕደስ ኣብ ቅድሚ መድኃኒና ብንጹሕ ሕልና ንለምኖ።

ጸሎትና መስዋዕትና ተቐቢሉ እንደልዮ ጸጋን በረኸትን የውርደልና። ዓድና ዓዲ ጠለትን በረኸትን ገሩ ሰላሙን ምሕረቱን ይጸግወና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ